TIGRINYA




ሓበሬታ

# ብርክት ዝበሉ ቋንቋ ኣብ ሓደ ስድራ - ቤት

ውላድኩም ብርክት ዝበሉ ቋንቋንታት እንዳሰምዐ ድዩ ዝዓቢ ፧ እንቋዕ ሓጎሰኩም ፡ ን ውላድኩም ዝያዳ ዕድላት ክረክብ ፡ መገዲ ትኸፍትሉ ኣለኹም ። ቆልዑ ፡ ክዓብዩ ከለዉ ፡ ከምቲ ልሙድ (ግቡእ) ፡ ብርክት ዝበሉ ቋንቋታት ንምልማድ ወይ ንምምሃር ፡ ክይተጸገሙ ይምክትዎ እዮም ። ንስኹም ድማ ፡ ኣብዚ ጉዳይ ፡ ንውላድኩም ክትሕግዝዎ ትኽእሉ ኢኹም ።

# ብርክት ዝበሉ ቛንቛ ኣብ ሓደ ስድራ - ቤት

TIGRINYA

### ኣየናይ ቛንቛ ኣብ ገዛ እንተተዘርበ ይምረጽ (ይሓይሽ) ፧ - ኣብ ገዛ ፡ ቛንቛ ናይ ወለዶም (ቛንቛ - ኣደ) ክዝረብ ይምረጽ !

መብዛሕትኡ ግዜ ፡ እቲ ዝምረጽን ዝሓሸን ፡ እቶም ኣቦን ኣደን ፡ ከምኡውን እቶም ኣባላት ናይቲ ስድራ - ቤት ፡ ምስውላዶም ክዛረቡ ከለው ፡ እቲ ዝቐለለ ቛንቛ እንተተጠቀሙ ፡ እዩ ዝምረጽ ። ንሱ ድማ ፡ መብዛሕትኡ ግዜ ፡ እቲ ዘዕበየ ቛንቛ - ኣደ እዩ ። ውላድኩ ድማ ፡ ነቲ መሰረታዊ ቛንቛ ናይ ወለዱ ተኣማሚኑ ንኽለምድ ፡ ኣርኣያ ክትኮንዎ ፡ ንዓኹም ክደልየኩም እዩ ። ከምኡ ድማ ፡ ካልእ ተወሳኺ ቛንቛታት ንኽለምድ ፡ ክሕዞ መሰረታዊ ረብሓ ክኾኖ ይኽእል እዩ ።

### ብተኸታታሊ ናብ መዋእል - ሕጻናት ምምልላስ ድማ ፡ ቛንቛ ጀርመን ንኽለምድ ይሕግዞ እዩ ።

ውላድኩም ፡ መዋእል - ሕጻናት ምኻድ ኣብ ዝጅምረሉ ግዜ ፡ ቛንቛ ጀርመን እንተዘይኪኢሉ ፡ ክትሸገሩ የብልኩምን ። ምስ ውላድኩም ድማ ፡ እቲ ልሙድ ናይ ወለዲ ቛንቛ ተጠቒምኩም ምርድዳእ ድማ ፡ ከተቋርጽዎ ፡ የብልኩም ። ቛንቛ ጀርመን ንምምሃር ፡ እቲ ምስቶም ኣለይቲን ፡ ከምኡ ድማ ምስቶም መዋዕልቶም ዝኾኑ ሕጻናትን ዝገብርዎ ዝርርብ ፡ እኹል እዩ ።

ነዚ ዝተባህለ ንክሰልጥ ድማ ፡ ውላድኩም ፡ ብተኸታታሊ ናብ መዋእል - ሕጻናት ፡ ክመላለስ ኣገዳሲ እዩ ። ውላድኩም ፡ ብተደጋጋሚ ምስ ጀርመን ዝዛረቡ ቆልዑ ፡ ንኣብነት መዋእል - ሕጻናት ፣ ኣብ ቦታ መጻወቲ ቆልዑ ፣ ኣብ ማሕበር ናይ ምንቅስቓስ ስፖርትን ዝኣመሰሉን ፡ ዝያዳን ብተደጋጋምን ክራኸብ ከሎ ፡ ተኽእሎታት ፡ ናይ ቛንቛ ምልማድ ዕድላትን ቅላጣፈን ፡ ዝያዳ ይዓቢ ።

### ቆልዑ ቛንቛታት ይሓዋውሱን ይቐያይሩን እዮም !

ቆልዑ ፡ ሓዲሽ ቛንቛ ምምሃር ክጅምሩ ከለዉ ፡ ምስቲ ዝለመድዎ ቛንቛ ክሓዋስዎ ፡ ዘይልሙድ ወይማ ዘይባህሪያዊ ኣይኮነን ። ብተደጋጋሚ ድማ ፡ ከምዚ ዓይነት ጌጋታት ፡ እቶም ቆልዑ ፡ ነቲ ቛንቛ ንኽለምድዎ ወይ ድማ ክመሃርዎ ፡ ጽቡቕ ይግስግሱ ከምዘለዉ ፡ ዘርኢ ምልክት ኣዩ ። ኣብ ቛንቛ ጀርመን ድማ ፡ ንኣብነት ፡ ነቲ መግለጺ ጾታ ቃል ፡ ኣይጥቀሙን ። ንኣብነት ፡ („gib mir Blatt“ ኣብክንዲ „gib mir das Blatt“) ይብሉ ።ወይ ድማ ተውሳኺ - ግስ ብግቡእ ኣይጥቀሙን ፡ ንኣብነት ፡ („በቲ ገረብ ወይ ኦም“ ኣብክንዲ „ኣብ ልዕሊ ገረብ ወይ ኦም“) ብጌጋ ይጥቀሙ ። ብተደጋጋሚ ድማ ፡ ቆልዑ ፡ ክልተ - ቛንቛታት ፡ እንዳደራረቡ ወይ እንዳሓዋወሱ ንነዊሕ ግዜ ይጥቀምሉ ። ንኣብነተ „እዚኣ ናተይ Ball እያ።“ ይብሉ ። እዚ ድማ ናይ ቛንቛ ፍልጠቶም ወይ ድማ ክእለቶም ፡ ከምዝዓበየ ወይ ከምዝወሰኸ ፡ ምልክት እዩ ።

ምናልባት ብዚ ጉዳይ ርግጸኛታት እንተዘይኮንኩም ፡ ወይ ድማ ሕቶታት እንተለኩም ፡ ካብ ኣለይቲ ናይ መዋእል - ሕጻናት ፡ ወይ ድማ ካብ ናይ ውላድኩም ናይ ቆልዑ ሓኪም ፡ ሓበሬታ ወይድማ ሓገዝ ምርካብ ይከኣል እዩ ።



### ሃደበት ውላደይ ጀርመን ጥራይ ኮይኑ ዝዛረብ !

ገለ ስድራ - ቤት ፡ ብዛዕባ ውላዶም ክገልጹ ከለዉ ፡ ንዝተወሰነ ግዜ ፡ እቲ ውላዶም ፡ ጀርመን ጥራይ እንዳተዛረቡ ፡ ነቲ ቛንቛ ወለዶም (ቛንቛ - ኣደ) ምዝርብ ከምዝኣብዩ ፡ ይሕብሩ ። እዚ ንኽትሸገሩ ምኽንያት ክኾነኩም የብሉን ። ምስ ውላድኩም ፡ ብዘይ ምቁራጽ ፡ እቲ ናይ ወለዲ ቛንቛ ፡ ምዝራብ ቀጽልዎ ። ነቲ ናይ ኣደ - ቛንቛ ፡ ብተደጋጋሚ እቲ ቆልዓ እንተሰሚዕዎ እውን ፡ ምቅባል ናይ ቛንቛ ክእለቱ የማዕብሎ እዩ ። ከምኡውን ድሕሪ ዝተወሰነ ግዜ ነቲ ቛንቛ - ኣደ ፡ ደፊሩ ክጥቀመሉ ክጅምር እዩ ።

### ምዝራብ ደስ ዝብል መቐረት ኣለዎ !

ምስ ውላድኩም ፡ ብዙሕን ተደጋጋምን ፡ ብዛዕባ ዘጋጥሙ ነገራት ተዛረቡ ። ዛንታታት የዕልልዎም ፤ መጽሓፍቲ ኣንብብሎም ፤ ወይ ድማ ምስ ውላድኩም ናይ ሓባር ጸወታ ተጻወቱ ። ብኸመይ መገዲ ወይ መልክዕ ፡ እቲ ናይ ኣደ - ቛንቛ ምስ ውላድኩም ትጥቀምሉ ብዘየገድስ ፡ ንውላድኩም ኣዎንታዊ ዝኾነ ስምዒት ፣ ተሞክሮን ኣፍልጦን ኣቕሲምኩም ፡ ምስቲ ናይ ኣደ - ቛንቛ እንዳተሓሓዝኩም ፡ ነቲ ናይ ምልማድ ቛንቛታት ክእልቱ ፡ ከተምዕብልዎ ትኽእሉ ኢኹም ።

### ብርክት ዝበሉ ቛንቛታት እንዳተጠቐምካ ምዕባይ ፡ ዕድል እዩ !

ንውላድኩም ፡ ኣብ ብርክት ዝበሉ ቛንቛታት ፡ ክሳታፍ ክትሕግዝዎ ትኽእሉ ኢኹም ። እዚ ማለት ድማ ፡ ከምኡ ንምትግባር ፡ ንውላድኩም ኣብዝተፈላለየ ኩነታትን ፡ ብተደጋጋምን ፡ እቲ ቛንቛ ክሰምዓሉን ከስተባህለሉን ዝኽእል ቦታን ፡ እቲ ቛንቛ ከም ባህሊ ዝጥቀምሉ ምርኣይን ፡ ብተወሳኺ ድማ ፡ ቛንቛ ጀርመን ዝዝውተረሉን ኣገዳስነት ዘለዎ ከባቢ ከምዝሳተፍ ምግባር ።

ንውላድሙ ከተታባዕዎም ከለኹም ፡ ኣድላይነትን ኣገዳስነት ናይ ዝኾነ ቛንቛ ፡ ከተፍልጥዎ ፡ ኣገዳሲ ዝኾነ መበገሲ ነገር እዩ ። ካብዚ ብምብጋስ ድማ ፡ ቛንቛኡ ክጥቀመሉ ፡ ናይ ኣደ - ቛንቛ ፡ ኣብቲ ስድራ - ቤት ከምኡውን ፡ ተወሳኺ ዝመሃሮ ቛንቛ ጀርመን ፡ ንኸማዕብሎ ፡ ክሕግዞ እዩ ። ብኸምዚ መገዲ ድማ ፡ ንውላድኩም ናብ መዋእል - ሕጻናትን ፡ ናብ ቤት - ትምህርትን ንምጅማር ፡ ከተዳልውዎ ትኽእሉ ኢኹም ።



Diese Maßnahme wird mitfinanziert durch Steuermittel auf der Grundlage des vom Sächsischen Landtag beschlossenen Haushaltes.

SACHSEN